ናብ ስለስተ ዜሮ ወረቐት ጭብጢ 01 ምድዋል

EMERGENCY 000

# መዓስ እዩ
# ናብ ሰለስተ ዜሮ (000) ዝድወል

ኣብ እዋን ሕክምናዊ ኢመርጀንሲ ከመይ ጌርካ ናብ ሰለስተ ዜሮ (000) ትድውል ምፍላጥ ከኣ ኣብ ሞንጎ ሂወትን ሞትን ፍፍልይ ምግባር እዩ።

## ሕክምናዊ ኢመርጀንሲ እንታይ እዩ?

ወትሩ ኣብ እዋን ሕክምናዊ ኢመርጀንሲ ናብ ሰለስተ ዜሮ (OOO) ደውሉ። ሽዑ ዘጋጥም ንሂወት ዘስግእ ሕክምናዊ ኢመርጀንሲ ድማ ነዚ ዝስዕብ ከጠቓልል ይኽእል፡

- **ቃንዛ ኣፍልቢ ወይ ምትራር ኣፍልቢ**
- **ሃንደበታዊ ድንዛዘ ወይ ምልማስ ገጽ፡ኢድ ወይ እግሪ**
- **ገዚፍ ምንዳድ**
- **ከቢድ ሓደጋታት**
- **ጸገም ምስትንፋስ**
- **ከቢድ ቃንዛ**
- **ዉኖ ምጥፋእ**

ኲነታትካ ህጹጽ ጉዳይ ሙኻኑ ርግጸኛ እንተዘይኮንካ፡ ናብ ስለስተ ዜሮ (OOO) ደውል ተቖባል ቴለፎን ድማ ክሕግዘኩም እዩ።

## ኣብ እዋን ሕክምናዊ ኢመርጅርንሲ ናብ ሰለስተ ዜሮ (000) ክትድውሉ ከለኹም እንታይ የጋጥም?

**መጀመርታ፡ ህድእ በል።** ገዛእ ርእስኹም ሓልዉ ከምኡ ድማ ብዝተኻእለ መጠን ድማ ኣብ ጥቓ ሕሙም ኩኑ።

ኣየናይ ኣገልግሎት ከም ትደልዩ ክትሕተቱ ኢኹም፡ ፖሊስ፡ መጥፋእቲ ሓዊ ወይ ኣምቡላንስ።

ኣምቡላንስ በሉ ደወልኩም ድማ ናብ ብቑዕ ተቖባል ቴለፎን ክተሓሓዝ እዩ፡ ንሱ ድማ ናትኩም ሕክምናዊ ኢመርጀንሲ ክግምግም እዩ። ናይ ሰለስተ ዜሮ (000) ደወል ተቖበልቲ ድማ ኣዝዮም ኪኢላታትን ስልጡና ዝወሰዱን እዮም። ነቲ ኢመርጀንሲ ድማ ቀልጢፎም ይግምግሙን በዚ ድማ ንስኹም እቲ ግቡእ ሓገዝ ኣብ'ቲ ትኽክል ግዜ ድማ ትውሃቡ።



ቃንዛ ኣፍ ልቢ ወይ ምትራር ኣፍ ልቢ



ሃንደበታዊ ድንዛዘ ወይ ምልማስ ናይ ገጽ፡ ኢድ ወይ እግሪ



ከቢድ ምድማይ



ጸገም ምስትንፋስ



ግዝፍ ዝበለ ምንዳድ



ከቢድ ሓደጋታት



ከቢድ ቃንዛ



ዉኖ ምጥፋእ

Ambulance Victoria

## ኣበይ እዩ እቲ ልክዕ ኣድራሻ ናይ ኢመርጀንሲኹም?

ቁጽሪ ጎደናኹም፡ ስም ጎደና፡ ዝቐረበ መቋረጺ መገዲን እቲ ሓውሲ ከተማን ሃቡ። እንተዳኣ ካብ ሞባይል ትድውሉ ኣለኹም ኮንኩም፡ ካበየናይ ስተይት ሙኻንኩም ክትሕተቱ ኢኹም።

## ኢንግሊሽ ክዛረብ ኣይክእልን እየ

ናብ ሰለስተ ዜሮ (OOO) ደውሉ። ሓንሳብ ምስ’ቲ ተቐባል ቴለፎን ናይ ኣምቡላንስ ምስ ተራኸብኩም፡ ንስኹም ነቲ ተቐባል ቴለፎን ኣድራሻ ናይ’ቲ ኢመርጀንሲን ትመርጽዎ ቋንቋን ብንግሊሽ ክትህብዎ የድልየኩም። ንስኹምን ተቐባል ቴለፎን ምስ ተርጓማይ ምስ ተራኸብኩም ሃጿር ትጽቢት ክህሉ እዩ።

ናይ ቪክቶርያ በዓል መዚ ኣገልግሎታት ኢመርጀንሲ (ESTA) ከኣ ብ 1O ኮማዊ ቋንቋታት ናብ ሰለስተ ዜሮ (OOO) መደወሊ ናይ ሓበሬታ ፓምፍሌት የዳሉ። ንምውራዱ ኣብ’ዚ ብጽሑ https://www.esta.vic.gov.au/language-options።

## ቴለፎነይ ሕሳብ የብላን ወይ ድማ ካብ ሽፈነ ወጻኢ ኢያ ዘላ

ገና ናብ ሰለስተ ዘሮ (OOO) ክትድውሉ ትክእሉ። ደወልኩም ኮነክትድ ክኸውን እዩ እዚ ድማ እንተድኣ ኣብ ከባቢ ካልእ ካሬር ኣለኹም ኮንኩም እዩ።

**ኣገዳሲ**

ናብ ሰለስተ ዘሮ (OOO) ዝተደወለ ዘበለ ኩሉ ኣምቡላንስ ይልኣኽ ማለት ኣይኮነን። ደወልኩም ኣብ ተነቃፊ ግዜ እንተዘይኮይኑ ወይ ድማ ንሂወት ዘስግእ እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ልክዕ ዝኾነ ክንክን ከም ትረኽቡ ዘረጋግጽ ናብ’ቲ ንኩነታት ጥዕናኹም ብዝርዝር ዝርኢ ነርስ ወይ ተሓጋጋዚ ሓኪም ክትልኣኹ ትኽእሉ ናይ ዘይ ህጹጽ መጓዓዝያ ድማ ክልኣኽ ይኽእል ወይ ድማ ምስ ሓኪም ወይ ፋርማሲስት ክተኣሳሰር ይኽእል። ብዛዕባ ሰለስተ ዘሮ (OOO) ኣብ’ዚ ከመይ ጌሩ ይሰርሕ ተምሃሩ።

https://www.youtube.com/watch?v=-3ZcELn6VRY&feature=emb_logo

## ናይ ሞባይል ቴለፎን መጠወቒ ተዓጽዩ

ናብ ሰለስተ ዘሮ (OOO) ክትድውሉ ትክእሉ፡ እዚ ድማ ነቲ መጠወቒ ብዘይ ምዕጻው ወይ ድማ ናብ ፒን/ውልቃዊ መለለዪ ቁጽሪ ብዘይ ምእታው እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ’ዚ ብጽሑ https://www.acma.gov.au/emergency-calls

